# ቑንጥሮ ዕምሪ ገበታፊሬ

(1902 – 1949)

ዝኽሪ ሞባል 70 ዓመት

"ከቢርና ብናጽነት ክንነብር እንኽእል ብትምህርትን ብሓድነትና ምርግጋጽናን ጥራሕ`ዩ" ስዉእ ከቢረ

ምዝካርምን ንሞኦም መግለህን ነዘም ይትረፍያ ሞይቶም ብሂወቶም እንከለዉ`ውን ንጸሙም ካብ ፈጣሪ እምብር ካብ ሰብ ዘይጽበዩ ዝነበሩ ሰብኣይ ዝበጽሑምነገር የለን። ስለዚ ንተራን ምኽርን ሸኽ ዓብደል ቃድር ከቢረ ሸለል ብምባል ዝህሰ ሸነኽ እንተሎ ኤርትራ`ያ።

ንኹሉ መማዝከሪኡ ኣለዎ፤ ንሸኽ ዓ/ቃድር ከቢረ ዘዘክሮም ብዙሕ ኮይኑ፤ በብእዋኑን በብምኽንያትን ክግለጽ ጸኒሑ`ዩ። ሎሚ ክዝክሮ ዝደሊ ንፖለትካዊ ብስለቶም ብፍላይ ኣብ ምቅያስ ፍትሒ ዝነበሮም ብቅዓት ብዝምልከት ክኸውን`ዩ።

ንኣብነት 2ይ ውግእ ዓለምኣብቂዑ ንኤርትራ ትገዝእ ዝነበረት ጣልያን ዝነበረቶ ምሕዝነት ምስ ተሳዕረ ብዘይካ ኤርትራ ንዝተረፈ ግዝኣተን ሓርነት ተበይኑ ከብቅዕ ኤርትራ ግና ምስ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ክሕሰብን ክእለምን ምስ ጀመረ፤ ሸኽ ዓ/ቃድር ከቢረ ዝነበሮምኣቀያይሳ`ቲ ውድዕነት ካብካለኦት ፖለትካውያን ዝነበሮምፍልይ ዝበለ ነይሩ።

ስለዚ ጉዕዞ ድህሰሳ ናብኢትዮጵያ ገጽካ ተተሓሓዝዎ!

እቲ ዝረኣይዎ ምስ ረኣዩ ፡ -

1- ህዝቢ ኢትዮጵያ ንንጉስ ከምፈጣሪ ዝኣምኑን ዝሰግዱን፤ ንሕና ኸኣ ብሕጊ እንዳ`ቦ እንማሓደር ህዝቢን` ሲ በየናይ መንገዲ እና እንወሃሃድ/ንጸናበር።
2- ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጠቅላላ ዝተወጸዔ ብዱል ህዝቢ ኮይኑ ኢትዮጵያዊ ኣስላማይ ከኣ ዝያዳ ዝተበደለ`ዩ።
3- ስለ`ዝን ወዲ`ዝን ኣንድነት/ሕብረት ብኹሉ ሜኤቀኒታት ሕልሚዩ ። ኤርትራ ነጻ ሃገር ኮይና ክትነብር ኣለዋ።

ዝብል ደቂ ሰባት ኣበየናይ ኩነታት`ዮም ዝሓብሩ ዘስተምሃረና ሰረተ-ፍትሒ ዘንጸባርቕ መደምደምታ ብምብጻሕ ንቃልሲ ተዓጢቖ። ካብ ሚገጾም ፈልከት ንምጣሎም ብመንግስቲ ኢትዮጵያ/ ወኪል ሃይለስላሴ ኮሌኔር ነጋ/ ዝተፈተነ ምቅብጣር ይኹን ታህዲድ ፍሬ ምስ ዘይ ምሃቡ፤ ኢትዮጵያ ብየማኖይ ኢዳ ዝነበረ ማሕበር ኣንድነት ኣቢላ ንምቕንጻሎም ወሰነት።

ስዉእ ከቢረ ኣቀዲሞም ኣብ ኣእምሮኦም ዝነበረ ፍልጠት፤ ኣብ ልቦም ዝነበረ ፍቕርን ሓልዮትን ኣብ ሜጨፈሽታ ኸኣ ኣብ መትንታቶም ዝነበረ ደም ጸንቀቆም ብምሃብ ነስሚራ ብ 29/03/1949 ተፋነውዋ።

ዝክርን ክብርን ንኹሎም ንኽብሪ ወዲ ሰብ ዝተሰውኡ ጀጋኑ ! !

AAHafiz (238) 29/03/2019